# ናብ ክቡር ኣቶ ተወልደ ገብረስላሴ

## ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን።

ኣቐዲምና ሃገራዊ ሰላምታና ነቕርብ፡ ኣስዒብና ድማ ኣብ እተካይድዎ ዘሎኹም ፍትሓዊ ቃልሲ ዓወት ንክትጓናጸፉ ዘሎና ትምኒትን ባህግን ንገልጽ።

ክቡር ኣቦ መንበር፡

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብ ዕለት 5 ክሳብ 15 ሚያዝያ 2008 ኣብ ዘካየዶ ዕዉት ሓድነታዊ ጉባኤ፡ ብናይ ሓባር ዕግበትን ብናይ ሓባር ውሳኔን ከም ዝዛዘሞ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ተሞክሮ እዚ ኣብ ታሪኻዊ ምዕራፍ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ኣገዳሲ ቦታ ከም ዝሕዝ ዘጠራጥር ኣይኮነን። በዚ መሰረት ድማ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ኪዳን፡ ኣብ ኣመራርጻ ኣቦ መንበር ፈጻሚት ሽማግለ ዘጋጠም ሽግር፡ ኪዳን ኣብ ክልተ ጉጅለታት ምግምማዐ ሓዚኑን ጉህዩን ዝነበረ ደላዪ መሰረታዊ ለውጢ ዝኾነ ኤርትራዊ ናይ ቃልሱ መንፈስ ኣሐዲሱ፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ፍትሕን ንምንጋስ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ሃገራዊ እጃሙ ከበርክት ዝድርኽ መድረኽ ተኸሲቱ ኣሎ።

እዚ ኣገባብ እዚ ድማ ንዲክታቶርያ ጃንዳ ህግደፍ ተስፋ ዘቑርጽ፡ ንህዝብና ድማ ተስፋን ባህታን ዘስርጽ ስለዝኾነ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን 13 ተቓወምቲ ውድባት ዝሓቑፈ ዓቢ ኤርትራዊ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ምዃኑ መጠን፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ብዝኣተዎ ቃል መሰረት ስቓይ ህዝብና ንምሕጻር ጽዑቕ ዝኾነ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ፕሮፖጋንድውን ስራሓት ከካይድ ኣሎዎ።

ነቶም ምሕደራ ህግደፍ መሪርዎም ካብ ሃገሮም ወጺኦም ኣብ ስደት ዝሰፈሩ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ዑቑባ እንተሓተቱ ንሕቶኦም ንስደተኛታት ብዝምልከት ዓለም ለኻዊ ሕጊ መልሲ ኣብ ክንዲ ምሃብ ብኣስገዳድ ብዘይድሌቶም ገጸ በረከት ነቲ በላዒ ሰብ ስኾነ ሽፍታ ስርዓት ህግደፍ ኣሕሊፎም ብምሃቦም ኣብ ነብሲ ወከፍ ደላይ ፍትሒ ዝኾነ ኤርትራዊ ቁጣዔን ሕርቃንን ኣኸቲሉ ከም ዘሎ ኩልና እንካታተሎ ዘሎና ጉዳይ ኢዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ዝነብር ኤርትራዊ ቁጣዐኡ ብሰላማዊ ሰልፊ መልክዕ ኣብ ኣፍደገ ኤምባስታት እተን ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዘይ ድለየቶም ከም ሃላኺ ኣቕሓ  ገጸ ብረኸት ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ዘረክባ ዘሎዋ ሃገራት ተቓውሞኡ ብዓውታ የቃልሕ ኣሎ።

ቅድሚ ሎሚ ኣብ ሊብያ፡ ሎሚ ከኣ ኣብ ግብጺ ዝግበር ዘሎ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣዚዩ ዘሕዝን ኢዩ።ነዚ መሰረት ብምግባር ድማ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ዓዲ እንግሊዝን ካሊእ ከኣ ንመጻኢ ኖርወይን  ኣብ ጀርመንን ካልኦት ሃገራትን ኣንጻር እቲ ግፍዓዊ መደብ መንግስቲ ግብጺ ሰላዊ ሰልፊ ንምክያድ ተዋዲድዱ ዘሎ።

ኣብዚ ጉዳይ እዚ ከይሕባእና ኣብ ርእሲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቅሬታ ኣሎና። ምኽንያቱ ብሰንኪ እዚ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብመንግስቲ ግብጺ ዝፍጸም ዘል ግፍዒ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቅልጡፍ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ክስማዕ ዝግበኦ ክነሱ ብዛዕባ እዚ ዘውጽኦ ዝኾነ ይኹን ናይ ተቓውሞ መግለጺ ኣይተሰምዐን።
ብዕግበትና ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝኾና ውድባት ብተናጽል ዘውጽኣኦ መግለጺታት፡ ክብደቱ ከምቲ ዝድለ ኣብ ርእሲ ዘይምዃኑ፡ንሞራል ህዝብና እውን ጽቡቕ ምልክት ኣይኮነን ኢና እንብል።

ብርግጽ ኣባላት ኪዳን ዝኾና ውድባት ፖለቲካዊ ሂይወተን ብተናጽል ከሰላስላ ይኽእላ ኢየን፡ ነዚ ኣብ ግብጺን ኣብ ካልኦት ሃገራትን ዝግበር ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደኛታት ግን፡ እቲ ተቓውሞ ብደረጃ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክኸውን እንከሎ ዝያዳ ክብደትን ተሰማዕነትን ክረክብ ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፡ ንናይ ቃልሲን ፍናን ህዝብና እውን ክብ ከም ዘብሎ እምነትና ኢዩ።

ክቡር ኣቦ መንበር !

ቅሬታና እምበኣር ኣብ ሃገር ግብጺ ዝርከቡ ኤርትራውያን ብመንግስቲ ግብጺ ከም እንስሳ ተተሓኒቖም መፋታዊ ነቲ በላዒ ሰብ ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ከረክቦም ከሎ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

**ቅልጡፍ ዝኾነ ናይ ተቓውሞ ድምጺ ዘይምስማዑ ቅሬታና እናገልጽና፡ ሕጂ እውን መንግስቲ ግብጺ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ስደተኛታት እቲ ግፍዓውን ዓመጻውን ተግባሩ ይቕጽሎ ስለዘሎ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተሪር ናይ ተቓውሞ ድምጹ ከስምዕ ከም ዘሎዎ ምሕጽንታና ነመሓላልፍ።**

**መንነትና ዝያዳ ንምብራህ ፡ ንሕና ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ፓልቶክ** (Paltalk), **ኣብ ኣዳራሽ** "Eritrean room for strong and united opposition" **ብዛዕባ ኩነታት ሃገርናን ህዝብናን እንመያየጥን እንዘትን እንካታዕን እንዋስእን ኤርትራያን ዜጋታት ብኡ ኣቢልና ድማ ሃገራዊ ውራይና እነሰላስል ደለይቲ መሰረታዊ ለውጢ ዝኾና ኤርትራውያን፡ ኣባላትን ዘይኣባላትን ውድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን ምኻና ነብርህ።**

**ሰላምን ራህዋን ንህዝብና**
**ውድቀት ንህግደፍን ኩራኹሩን** !!!

**ቅዳሕ ናብ፡**
1) Mr. Abdella Mahmoud, chairman of the legislative council of the Eritrean Democratic Alliance
2) Eritrean Internet websites